ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.179 ሰሉስ 28 መጋቢት 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
‘ፎብያ’ ዘውርጾ ጥዕናዊ ሃስያ


ገጽ 3
መጥሓን ዝሕየኽ ንይሕደገሉ

ገጽ 4
ንመንእሰይ ዝልክዕ ዕያር


ገጽ 5
ቅሳነት ንኽትቀስን


ገጽ 7
ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ


# ሳዋ - ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዛዚሞም





ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከብ 98 ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ናብ ሳዋ ወሪዶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ክከታተሉ ዝጸንሑ ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣካዳምያዊ ንጥፈታቶም ብዓወት ዛዚሞም።

ብ24 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምዝዛም ስነ-ስርዓት፡ ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሃሮ ጉኒ-ጉኒ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም፡ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ብቕዓት ኣጥርዮም ብእወታዊ ኣመለኻኽታን ራኢን ተማእዚኖም፡ እሩማትን ብስነ-ምግባር ዝተሃንጹን ንክኾኑ፡ ምስ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ብውህደት ከምእተሰርሐ ጠቒሱ፡ ኣብ ምእላይን ምምእዛንን ተመሃሮ ግሉሕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣባላት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን መምህራንን ኣመስጊኑ።

ኣብ’ቲ ተመሃሮ ብዘቕረብዎ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ትምህርቶም ልዑል ነጥቢ ብምምዝጋብ ጸብለልታ ዝርኣዩ ብሉጻት ተመሃሮን ብዑዙዝ ተመሃሮ ዝሕለፉ ኣሃዱታትን ወረቓት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን ተዓደሉ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት - ኮሎኔል ደብሳይ ግደ ብ25 መጋቢት ምስ ተመሃሮ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ብዓወት ዛዚሞም፡ ኣብ’ቲ 2ይ መድረኽ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ብምስጋገርም “የውሃና” ድሕሪ ምባል፡ ኣጥርዮሞ ብዘለዉ ልዑል ደስታን ቁመናን ብዓወት ከምዝዛዘምዎ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ሃገራዊ ምዕባለን ብልጽግናን ኣብ ጻዕርን ብልሕን ንቑሕ መንእሰይ ከምዝምርኮስ ዘዘረ ኮሎኔል ደብሳይ፡ ተወጢኑ ዘሎ ሃገራዊ ናይ ልምዓት መደባት፡ ዝኣክል ፍልጠትን ሞያን ዓጢቖም ክጽንበርዎን ንምዕዋቱ ብወኒ ክሰርሑን ተላቢዩ።

ናይ ዓመት-ትምህርቲ 2022/2023 ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ - ማትሪክ፡ ካብ 13 ክሳብ 18 መጋቢት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ስዑዲ-ዓረብን ከምእተኻየደ ዝዝከር እዩ።

# ፖሊስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ኣስተምህሮታት ወዲቡ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ፎሮ፡ ከረን፡ ሎጎ-ዓንሰባን ባረንቱን ንህዝቢ ብሓፈሻ ንወሃንቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላትን ተመሃሮን ድማ ብፍላይ - ኣብ ሕጊ ዝተኮረ ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ።

ኣዘዝቲ መደበራት ፖሊስ፡ ኣብ ቦታኦም ዝተፈጸሙ በደላት፡ ገበናትን ሓደጋታትን ዝሰዓበ ሞትን ዕንወትን ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራብ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ኣብ ሕጊ ብምብራኽ - ኣብ ምክልኻል ገበንን ምቕላዕ ገበኛታትን ምትሕብባሩ ክዛይድ ኣተሓሳሰቡ።

ሕጊን ስነ-ምግባርን ካብ ስድራ-ቤት ከምዝጅምር ጠቒሶም ድማ፡ ብመንእሰያት ዝፍጸሙ ገበናት ንምንካይ፡ ወለዲ ኣብ ደቆም ዕቱብ ምክትታል ክገብሩን ብዘዋፅእ ከማእዝንዎምን፡ ወሃንቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ድማ - ንገበን ካብ ዝዕድም ንጥፈታት ክሕረቡ ጸዊዖም።

እቶም ኣዘዝቲ መደበራት ፖሊስ፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘጋጥሙ ንኣሽቱ ፍጻመታት ኣብ ምፍታሕ፡ ኮማዊ ፖሊስ እጃሙ ብቐሊል ዝጥመት ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ጉዳያት ብናታቶም ምትሕብባር ሽምግልናን ዕርቂን ክቕድም መኺሮም።

# ጋሽ-ባርካ - ኣብ መኸተን ልምዓትን ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ

ክበርቲ ዝተፈላለየ ከባቢታት ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ምምሕዳራትን ካልኦት መሓውራት መንግስትን ተወሃሂዶም፡ ኣብ መደባት መኸተን ልምዓትን ንዝተዋፈሩ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል፡ ናይ እንግዶትን ምዝንጋዕን መደባት ወዲቦም።



ብመሰረት ሓበሬታ ወከልቲ ኤሪና፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ሻምብቆ፡ ባረንቱ፡ ኣቑርደት፡ ሃይኮታ፡ ጎኖ፡ ላዕላይ-ጋሽ፡ ሎጎ-ዓንሰባን ጎልጅን፡ ህዝቢ እኽሊ-ማይ ብምድላው፡ ኑቶም ሓበንን ክብረትን ህዝብን ሃገርን ዝኾኑ ምዑታት፡ ስለ’ቲ ዕዉትን ኣድማዕን ኣበርክቶኦም ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኑቲ ተበግሶታት ብምምጓስ፡ መርኣያ ናይ’ቲ ኣብ መንጎ ህዝብን ሰራዊትን ዘሎ ስጡም ጥምረት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣዘዝቲ ናይ’ተን ኣሃዱታት ድማ፡ እቲ ብህዝብን ምምሕዳራትን ዝተወደበ መደባት፡ ፍናን ዘበርኽን ንዘለዓለ ውፉይ ስራሕ ድርኺት ዝፈጥርን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ ሕቝፊ ህዝቦም ማማኺቅም ኩሉ ካብኡ’ቶም ዝሕተት ከምዝፍጽሙ ኣረጋጊጾም።

# ከረን - ብሞያ ዝሰልጠና ተመረቓን

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ፡ ን4 ኣዋርሕ ብምኽኻን መግዛእን ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሰን ዝሰልጠና፡ ካብ ንኡስ ዞባ ከረን ዝተዋጽኣ 40 ኣሊዩቲ ስድራ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብ23 መጋቢት ተመረቓ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሰለሙን መሓሪ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ውሽጢ ነቶም ዝኸስቱ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት ብምእላይ፡ ስድራ-ቤታት ብቐጠባ ርእሰን ዝኽእላሉ ዕድላትን ባይታ ስራሕን ንምፍጣር፡ ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድን ዝወርድ መደባት ይትግበር ከምዘሎ ሓቢሩ።

ወከልቲ ሰልጠንቲ ብወገነን፡ ዕላማ ናይ’ቲ ስልጠና ንምኽኣል ከምዝሰርሓ ብምርግጋጽ፡ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፡ ማሕበራትን ውልቀሰባትን ኣብ ዘኒይድኦ ንጥፈታት ክተሓባበርወን ተላብዮ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ‘ፎብያ’ ዘውርዶ ጥዕናዊ ሃስያ

‘ፎብያ’ (phobia)፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ወይ ኣብ ልዕሊ ሓደ ነገር ክቱርን ዘይምኽንያታውን ፍርሒ ምርኣይ ማለት እዩ። ‘ፎብያ’ ዘለዎ ሰብ እቲ ዘፍርሖ ነገር ሃንደበት ክገጥሞ እንከሎ ከቢድ ራዕድን ጭንቀትን እዩ ዘርኢ። እቲ ክቱር ፍርሒ ኣብ ልዕሊ ዝተወሰነ ቦታ፡ ኩነታት ወይ ነገራት ክኸውን ይኽእል እዩ።

‘ፎብያ’ ኣዝዩ ልሙድ ስነኣእምሮኣዊ ሕማም እዩ። በዚ ጸገም’ዚ ዝጥቃዑ መብዛሕትኦም ህጻናትን ኣብጽሕን ብምኳኖም ኣብ ቀጠባዊ መነባብሮ ከቢድ ሃስያ ከም ዘውርድ ጸብጻባት ጥዕና የመልክቱ።

‘ፎብያ’ ንኹሉ ሰብ ዘጥቅዕ እኳ እንተኾነ ካብ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ይበዝሕ።

### ምስ ‘ፎብያ’ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገማት

‘ፎብያ’ ምስ ጭንቀት ምትእስሳር ዘለዎ ስነኣእምሮኣዊ ጸገም እዩ። ኩሉ ግዜ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ነገር ጥራይ ዝተሓጸረ ብምዃኑ ግን ካብ ጭንቀት ፍሉይ የብሉ።

ተጽዕኖ ናይ ‘ፎብያ’ ካብ ምቍጣዕ ሓሊፉ ክሳብ ስንክልናን ዓቕሚ ምስኣንን ከብጽሕ ይኽእል። ‘ፎብያ’ ዘለዎም ሰባት እቲ ዘፍርሖም ወይ ዘሰንብዶም ነገር ምኽንያታዊ ከም ዘይኮነ ዝርድእዎ’ኳ እንተኾኑ ክቆጻጸርዎ ግን ልዕሊ ዓቕሞም ክኸውን ይርከብ። እቲ ፍርሒ ምስ ስራሕ፡ ትምህርቲ ከምኡ’ውን ምስ ሰብኣዊ ዝምድናታት ስለ ዝተኣሳሰር ንምቁጽጻሩ ኣዝዩ ከቢድ ይኸውን።

ካብቶም ዕድመኦም ምሉእ ‘ፎብያ’ ዘለዎም ሰባት፡ ኣስታት 60 ሚእታዊት፡ ካልእ ተወሳኺ ስነኣእምሮኣዊ ጸገማት ከም ዘማዕብሉ ሕክምናዊ መጽናዕትታት የመልክቱ።

ኣብ ኣብጽሕ ‘ፎብያ’ ምስኡ’ም ሰዒቦም ዝጥቀሱ ሕማማት ተኣኻኺቡ ክመጽእ ይርኤ እዩ። ምስ፦

+ ጥዕናዊ ጸገማት ልቢ፡

+ ምስ ምምዝዛል ተፈጥሮኣዊ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ፡

+ ምስ ሕማማት ጸኪ ‘ታይሮይድ’፡



+ ምስ ሕዱር ሕማማት ሳንቡእ፡

ካብ 10 ክሳብ 17 ሚእታዊት ሕዱር ሕማማት ሳንቡእ ዘለዎም ሰባት ኣብ ወሰን ነገር ብዘርኢ ክቱር ፍርሒ (specific phobia) ዝተጠቕዑ ምዃኖም መጽናዕትታት የመልክቱ።

‘ፎብያ’ ካልእ ኣእምሮኣዊ ምምዛባል ይፍጠር ከም ዘሎ ዝሕብር ምልክት’ውን እዩ። ክሳብ 70 ሚእታዊት ዝበጽሑ ግዳያት ኣብ ወሰን ነገር ናይዘርኢ ፍርሒ ምስ ዓቢ ቕዝቀዛ (major depression) ከምኡ’ውን ማሕበራዊ ጭንቀት (social anxiety) ይነብሩ።

‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ዘለዎም ሰባት ካብ ብኻልእ ዓይነት ‘ፎብያ’ ዝተጠቕዑ ብዝበለሐ ነፍሰቕትለት ይፍጽሙ።

### ምልክታት ‘ፎብያ’

እቲ ኣዝዩ ልሙድን ንጥፈታትካ ክተካይድ ዘጸግምን ምልክታት ናይ ፎብያ ኣብ ውሽጥኻ ክቱር ራዕዲ/ ፍርሒ ምውራር እዩ። እቲ ክቱር ራዕዲ እዚ ዝስዕብ ጠባያት እዩ ዘርኢ፦

=> ልዑል ህርመት ልቢ፡

=> ሕጽረት እስትንፋስ፡

=> ክትዛረብ ዘይምኽኣል ወይ ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢልካ ምዝራብ፡

=> ምድራቕ/ ምንቃጽ ኣፍ፡

=> ምህዋጽ ከስዐ፡

=> ዕግርግር ምባልን ተምላሲን፡

=> ምውሳኽ ጸቕጢ ደም፡

=> ፍርሕን ምንቅጥቃጥ ሰብነትን፡

=> ቃንዛ ወይ ምውጣር ኣፍ-ልቢ፡

=> ምድንዛዝን ዓቕሚ ምስኣንን፡

=> ክቱር ረሃጽ ወዘተ።

ሓቅታት ብዛዕባ ‘ማሕበራዊ ፎብያን ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ን

### * ‘ማሕበራዊ ፎብያ’

ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ብዘርኢ ኩነታት ዝፍጠር ክቱር ፍርሒ ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ተባሂሉ ይግለጽ። ሓደ ሰብ ኣብ መጋኣያ ቀረብ ክፍረድ ምፍራሕ ወይ ኣብ ቅድሚ እኩብ ሰብ ቀረብ ክዛረብ ዘይምኽኣል ወዘተ ምስ ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ይምደብ።

‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ን13 ሚእታዊት ህዝቢ ዓለም ጸልዩ ይርከብ።

+ ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ምስ ባህሊ ተዛሚዱ ዝኸይድ ኮይኑ ንኹሉ ዓሌትን ማሕበራዊ ደርብታትን ይጸልው።

+ ሓደ ካብቲ ዘርኢ’ም ሓቅታት ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ንደቂ ኣንስትዮ ዝጸልዉ ምዃኑ እዩ። ሰባት ማሕበራዊ ፎብያ’ ምስ ሕፍረት ከዘምድዎ’ውን ይረኣዩ እዮም።

+ ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ዝጠዘለ ግዜ ኣብ ግዜ ጉብዝና ዝርኣ’ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዘሎ ሰብ ይጸልዉ። መጽናዕትታት ምስ እንምልከት፡ 40 ሚእታዊት ካብ ዓይነታት ‘ፎብያ’ ኣብ ትሕቲ 10 ዓመት ዕድመ ናይቲ ግዳይ እዮም ዝረኣዩ። እቶም 95 ሚእታዊት ግን ድሕሪ 20 ዓመት ዕድመ ናይቲ ግዳይ ይቕልቀሉ።

+ እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዓይነት ናይ ‘ማሕበራዊ ፎብያ’፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኲንካ ምጽሓፍን ምብላዕን ፍርሒ ምስ ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒ ዘሎ ሰብ ምርኻብ ፍርሒ ብተሌፎን ምዝራብ ከምኡ’ውን ኣብ እኩብ ሰብ ኲንካ ምግላጽ የጠቓልል።

+ ልሙድ ምልክታት ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ምውሳኽ ህርመት ልቢ፡ ምድራቕ ኣፍ፡ ቀጥ-ቀጥ ምባል እዮም።

+ ኣስታት 17 ሚእታዊት ግዳያት ‘ማሕበራዊ ፎብያ’ ቃዘኖት የማዕብሉ።

ናይ ወሰን ነገር ‘ፎብያ’ - Specific phobia

ኣብ ሓደ ወሰን ነገር ዝፍጠር ክቱር ፍርሒ ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ተባሂሉ ይግለጽ። እቲ ነገር ኣቕሓ ወይ እንስሳ ክኸውን ይኽእል እዩ።

+ ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ኣብ ግዜ ህጻንነት ጀሚሩ ንዕምሪ መመላእታ ክቕጽል ይኽእል።

+ ካብ 15 ክሳብ 20 ሚእታዊት ካብና ኣብ ህይወትና ሓንሳብ ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ኣጋጢሙና ይፈልጥ እዩ።

+ ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ካብ ዘለዎም ቤተሰብ ዝወለዱ፡ በቲ ዓይነት ‘ፎብያ’ ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

+ ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ክምዕብል ዘቓቕሕ ክፍሊ ሓንጎል ‘ኣሚግዳላ’ (amygdala) እዩ።

+ እቶም ልሙዳት ዓይነት ‘ስፐሲፊክ ፎብያ’ ፍርሒ ኣብ እንስሳታት፡ ፍርሒ ኣብ ኣክባቢ፡ ፍርሒ ምርኣይ ደም፡ ፍርሒ ሞት የጠቓልሉ።

### ዓይነታት ‘ፎብያ’

+ ‘ኣጎራፎብያ’ (Agoraphobia) - ኣብ ቃልዕ ወይ ህዝቢ ኣብ ዘለዎ ቦታ ኣብ ቅድሚት ንምኳን ዝርኣ ፍርሒ እዩ። ፍርሂ ዓይኒ ሰብ ተባሂሉ ይግለጽ።

+ ‘ኣክሉፎብያ’ (Achluophobia) - ፍርሒ ጸልማት፡

+ ‘ኣክሮፎብያ’ (Acrophobia) - ፍርሒ ልዑል ብራኸ፡

+ ‘ኤሮፎብያ’ (Aerophobia) - ፍርሒ ብነፋሪት ምብራር፡

+ ‘ኣልጎፎብያ’ (Algophobia) - ፍርሒ ቃንዛ ሰብነት፡

+ ኣይክሞፎብያ (Aichmophobia) - ፍርሒ መርፍእን በሊሐቲ ነገራትን፡

+ ኣውቶፎብያ (Autophobia) - ፍርሂ በይንኻ ምዃን፡

+ ‘ባትሞፎብያ’ (Bathmophobia) - ፍርሒ ምውራድ መሳልል ወይ ቁልቁለት፡

+ ‘ኪዮኖፎብያ’ (Chionophobia) - ፍርሒ ወርጪ፡

+ ‘ካይኖፎብያ’ (Cynophobia) - ፍርሒ ኣኽላባት፡

+ ‘ጋሞፎብያ’ (Gamophobia) - ፍርሒ መርዓ፡

+ ‘ሄሞፎብያ’ (Hemophobia) - ፍርሒ ደም፡

+ ‘ሃይድሮፎብያ’ (Hydrophobia) - ፍርሒ ማይ

+ ‘ሶምኒፎብያ’ (Somniphobia) - ፍርሒ ድቃስ፡

+ ‘ታኮፎብያ’ (Tachophobia) - ፍርሒ ልዑል ፍጥነት፡

### ጠንቂ

መሬጠራዊ (genetic) ከምኡ’ውን ኣከባቢ ገለ ካብቶም ጠንቂ ‘ፎብያ’ ኮይኖም ዝጥቀሱ ረቛሒታት እዮም። ክቱር ጭንቀት (anxiety disorder) ካብ ዘለዎም ሰባት ዝወለዱ ህጻናት ብ‘ፎብያ’ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ክኢላታት ይገልጹ። ኣዝዩ ጸገም ንዘስዓቦ በረኻ ምቅላዕ፡ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ምድያብ ገለ ካብቶም ን‘ፎብያ’ ከቃልዑ ዝኽእሉ ጠንቅታት ተባሂሎም ይዝርዘሩ። መንከስቲ እንስሳን ሓሸራን ንባዕሉ ‘ፎብያ’ ከምጽእ ይኽእል እዩ።

ገለ ዓይነት ሕማማትን ሕክምናዊ ፍወሳታትን’ውን ጠንቂ ‘ፎብያ’ ኮይኖም ይግለጹ እዮም። መብዛሕትኦም ናይ ሓንጎል መጉዳእቲ ዘጋጠሞም ሰባት ብ‘ፎብያ’ ዝተጠቕዑ እዮም። ወለፍ ናይ ሓደ ነገር ምዃንን ቃዘኖት (depression)ን ምስ ‘ፎብያ’ ይተኣሳሰሩ እዮም።

‘ፎብያ’ ካብ ካልኦት ዓይነት ከቢድቲ ሕማማት ኣእምሮ ፍሉይ ዝኸነ ምልክታት እዩ ዘለዎ። ‘ስኪዞፍረንያ’ (schizophrenia) - ንኣብነት ሓደ ሰብ ሓሳባቱን ስምዒቱን ምስ ክዉን ህይወት ከዛምዶ ካብ ዘይምኽኣሉ ዝተላዓለ፡ ኣብ ሕልሚ ዓለም ዝጥሕለሉን ካብ ማሕበራዊ ርክብ ዝግለሉን ኩነት ናይ ሕማም ኣእምሮ እዩ። ‘ፎብያ’ ግን እቲ ዘፍርሕ ነገር ምኽንያታዊ ዋላ ኣይኹን እቲ ጉዳይ ጸገማቱ ኣንዳዕዲዑ ይፈልጥ እዩ።

### ፍወሳ

‘ፎብያ’ ብኽኢላታት ስነኣእምሮ ዝወሃብ ምኽሪ ብምክትታል ክፍወስ ይኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ፍወሳ’ዚ ‘ሳይኮቴራፒ’ (psychotherapy) ይበሃል። ጠንቂ ናይቲ ‘ፎብያ’ ካብ ምልላይ/ምርዳእ ብሰንኩ ኣማዕቢልካዮ ዝለኻ ባህሪ ንምእላይን ንምፍዋስን ዝያዳ ኣገዳሲ ምዃኑ እዮም ክኢላታት ስነኣእምሮ ዝገልጹ። ስለዚ፡ ዕላማ ናይቲ ፍወሳ፡ ብሰንኪ ‘ፎብያ’ ተዓጊቱ ዝጸንሐ ሰብኣዊ ንጥፈታትካ ኣሊኻ ህይወትካ ምምሕያሽ እዩ።

ክልተ ዓይነት ‘ሳይኮቴራፒ’ ኣለው። ነቲ ፍርሒ ወይ ራዕዲ ዘፈጥረልካ ነገር ብጋህዲ ገጢምካ ክትለምዶ ምኽኣል ሓደ ኣገባብ ፍወሳ ‘ሳይኮቴራፒ’ እዩ። ‘ኤክስፖዠር ቴራፒ’ (Exposure therapy) ይበሃል። ንኣብነት ፍርሒ ናይ መደያየቢት ማሽን (elevator) እንተለካ፡ ፈለማ ብስእሊ ከም እትርእያ ይግበር። ጸኒሕካ ናብ ጥቓኣ ከም እትቐርብ፡ ቀስ ብቐስ ድማ ሓንቲ ደርቢ፡ ከምኡ እናበልካ በብመዓልቱ ትደልዮ ደርብታት ከም እትድይብ ብምግባር ነቲ ‘ፎብያ’ ከም እትፈትሖ ይግበር።

እቲ ካልኣይ ዓይነት ‘ሳይኮቴራፒ’ – ‘ኮግኒቲቭ በሄቭራል ቴራፒ’ (Cognitive behavioral therapy) ይበሃል። ብዛዕባቲ ዘፍርሓካ ዘሎ ነገር ምሉእ ኣፍልጦ ክህልወካ ዝገብር ፍወሳ እዩ። ቀስ ብቐስ ኣብ ልዕሊ’ቲ ዘፍረሓካ ነገር ዝነበረካ ኣሉታዊ ስምዒታት ክትኣልዮ ዝሕግዝ ኣገባብ ፍወሳ እዩ።

‘ፎብያ’ ንምፍዋስ ዝውሃብ መድሃኒት’ውን ኣሎ። እቲ መድሃኒት ብኣፍልጦ ክኢላታት ሕክምና ጥራሕ እዩ ግን ዝወሃብ።

### ኣገባብራን ዘቤታዊ ፍወሳን

ክቱር ፍርሒ ወይ ‘ፎብያ’ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ግዜ ብኸመይ ነቲ ጸገም ክትገጥሞ ከም እትኽእል ኣሚንካ ሓካይም ክትወከስ ጸቢቕ እዩ።

* ንጠፍን ንቑሕን ኲንካ ምጽናሕ ሃንደበት ክርኣ ንዘኽእል ፍርሒ ኣብ ምእላይ ዝበለጸ ምዃኑ ይግለጽ።

* ዓሚቚ ሜላ ኣተነፋፍሳ፡ ከም ‘ዮጋ’ ዝኣመሰለ ጭዋዳታትን መትንታትን ዝዘርግሕ ኣገባብ ምውስዋስ ኣካላት፡ ወጥሪ ፍርሕን ጭንቀትን ኣብ ምእላይ ልዑል ግደ ኣለዎ።

* ዘዚ ንጥፈታት ምኽያድን ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታርን ‘ፎብያ’ ኣብ ምእላይ ሓጋዚ ምዃኑ ይንገር።

‘ፎብያ’ ንምእላይ ክተዘውትሮ ዝግበኣካ ካልእ ሜላታት’ውን ኣለዋ፦

= ንዘፍርሓካ ነገር ገጽ ንገጽ ክትገጥሞ ምፍታን፦ ካብ ዘፍርሓካ ነገር ካብ ምርሓቕ፡ ደጋጊምካ ናብኡ ቀሪብካ ኣብ ልዕሌኻ ዝኾነ ጉድኣት ከውርደልካ ከም ዘይክእል ምርግጋጽ።

= ጸጋማትካ ምክፋል፦ እቲ ዘፍርሓካ ነገር ኣብ ውሽጥኻ ጥራሕ ሐቢእካዮ ሱቕ ካብ ምባል፡ ጸገምካ ንመቕርብካ፡ ኣዕሩኽትኻን መማህርትኻን ብምሕባር መፍትሒ ሜላ ክተናዲ ምፍታን።

= ነብስኻ ምእላይ፦ እኹል ዕረፍቲ ክትረክብ ጸዓር። ኣመጋግባኻ’ውን ጥዕና ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። ንቑሕ ክትኮውን ምውስዋስ ኣካላት ኣዘውትር። ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ካብ ምጒን ተቖጠብ።

ምንጪ፦ fearof.net

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ    ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ    ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ዛዕባ

# ንመንእሰይ ዝልክዕ ዕያር

ተራን ኣበርክቶን ኾፍሲወክፍ ኣካል ሕብረተሰብ፡ በቲ ዝነብረሉ ከባቢ፡ ባህሊ፡ ክብርታትን ክዉንነትን ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ገለኡ ሕብረተሰባትን ባህልታትን፡ ብዕድሚኡ ንመንእሰይ ዘይበቕዐ ቈልዑ ልዕሊ ዕድሚኡ ሓላፍነት ተሰኪሙ ኣብ ሰድራ ቤቱ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክገብር ይረአ። ኣብ ገለኡ ሕብረተሰባት'ውን ካብ ዕድመ ንእስነት ዝወጹ ዓበይቲ ሕልናኦም ብቐጻሊ እናሓደሰ፡ ልዕሊ እቲ በጺሒ ክንዮን ክፍርዮን ምርኣይ ዘርርም ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ጎላጉል መሬት ደንካልያ፡ በቲ ልሙድ ኣገላልጻ ንዕድመ መንእሰይ ዘይበጽሐ ቈልዑ ካብ 30 – 40 ዝበጽሓ ኣግማል፡ ጓሰዩ ከይጠምያ መዋፈራአን መረጺ፡ ከይጸምኣ መስተይአን ኣካዊ፡ ከይጠፍኣን ከይማዘዋን ብኣተኩሮ ሓልዩ፡ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዝከታተለን ወዲ 12 ወይ 13 ዓመት ቈልዓ ኣብ ዘጋጠመና እዋን፡ ክሳብ ክንደይ ኢና ንሞያኡን ኣበርክቶኡን ክነተውዕሎ! ዋጋ ናይ'ዘን ኣግማል ብገንዘብ ምስ ዝትመን ድማ እዚ ኣብ ደረጃ መንእሰይ ዘይበጽሐ ቈልዓ ከባቢ ርብዒ ሚልዮን ዝትመን ትካል የካይድ ኣሎ ማለት'ዩ። ብኣንጻር እዚ ድማ ኣብ ማእከል ዝርከብ በጺሑ፡ ሃ ከብዱ እኳ ምኳን ስኢኑ ተጸባዪ ኮይኑ ከምባሁቕ ዝውዕል ዘየጋጥመና ኣይኮነን።



እዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ቀሊል ኣብነት እምበኣር፡ ንመንእሰይ መንእሰይ ዘብሎ ዕድሚኡ ዘይኮነ፡ ተራኡን ኣበርክቶኡን ኣብ ሕብረተሰብ ምዃኑ ዘጸር እዩ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ 4ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ምስ መጽሔት ተዓጠቕ ኣብ ዘየደዶ ቃለ መሕትት፡ ንኣመለኻኽታኡ ብዛዕባ መንእሰይ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ "ካብ ናይ ዓመታት ፍቕዲ ናይ ንጥፈታት ዓቕን እዩ ንመንእሰይ መንእሰይ ዘብሎ። ንመንእሰይ ብኸመይ ትምደቦ እንተ ደኣ ኢልካ፡ ብንጥፈታቱን ኣበርክቶኡን ምለካዕ" ክብል ዝሃቦ መልሲ፡ ንመንእሰይ ዝልክዕ ዕያር፡ ዕድመ ዘይኮነ ኣበርክቶን ኣፍራይነትን ምዃኑ ብግልጺ ኣቐሚጥዎ ኣሎ።

መድረኽንክዉንነትንባህልንክብርታትን ንቡታ መንእሰይ ኣብ ሕብረተሰብ ዝወሰኑ ረቛሒታት እዮም። ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ኣብ እዋን ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ዘርኣይዎ ተበግሶ፡ ተጣላዓትት፡ ጽግዓትን ተወፋይነትን ዕድመ መንእሰይ ስለዝረገጹ ጥራይ ኣይነበረን። እንተይ ደኣ ነቲ ዝነበረ ክዉንነትን መድረኽን ብግቡእ ኣንበቦም ስለ እተረድእዎን ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ኣካል ሕብረተሰብ፡ ንዕኣዮም ዝምልከት ምዃኑ ስለ ዝኣመኑን እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ገለኡ ልዕሊ ዕድሚኡ ተጻሚሙ፡ ገለኡ ልዕሊ ዓቕሙ ጸዊሩ፡ ልዕሊ እቲ ብሉሒ ኾቒሒ፡ ናጽነት ህያው ገሩ።

መንእሰይ ማእገር ሃገር፡ መንእሰይ ላህመት ሕብረተሰብ፡ ዝብሉ ኣምራትን ኣበሃህላታትን ንዕድመ ከም መሰረታዊ ረቛሒ ኣቐሚጦም ዝዘርቡ መግለጺታት ኣይኮኑን። እንተይ ደኣ ሓይሊን ጽግዓትን መንእሰይ ኣብ ክሊ ዕድመ 30 ዓመት ይኹን 50 ዓመት፡ ንሕብረተሰብ መሓውሩ፡ ንሃገር ድማ ማእገሩ ክኸውን ስለዝኽእል እዩ። ሓይልን ጽግዓት መንእሰይ ናብ ተጨባጢ ኣፍራይነት ዝልወጥ ዕላማኻ ብምንጻርን ብስራሕ ብምትርጓምን እዩ። ጸባሕ ዶክተር፡ ኢንጅነር ክኸውን ዝደሊ፡ ሎሚ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ግዜ ቈልዕነቱ'ውን ከይተረፈ፡ ኣብ መጽናዕቲ፡ ምርምርን ምንባብን ክጽመድ ክኽእል ኣለዎ። ጸባሕ ንፉዕ ሓረስታይ ክኸውን ዝብህግ፡ ምስ ጭቃን ሓመድን ምውዓል ክጸልኦ ኣይግባእን። ኣብ ዕድመ ቈልዕነትን ንእስነትን ፍልጠት ክእለት ተሞኩሮን ፍቕሪ ስራሕን ከማዕብል ዘይከኣለ መንእሰይ፡ እንተርፎ ኣብ መውዳእታኡ ብጾ ዝረብሖ ፍቕዲ ዓመታት ከሰብሉ ዝብሎ መድረኽ የብሉን።

ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ሰብ ውዕለት መድረኽም ዝፈጥሮ ክዉንነት ብምዃኑ ዕድሚኦም ሓይሎምን ጽዓቶምን ህዝበን ሃገርን ብሓበን እናዘክሮ ኣብ ዝነበር ዕዙዝ ኣበርክቶ የውዕልዎ ኣለው። እንተኾነ ካብ ብሱል ጥረ ከም ዝበሃል፡ ክንዲ ቁጽሪ ኣጸብኦቲ ዘይኣኽሉ መንእሰያት፡ ብበላቢልው ጸሓይ ኣብረቐም ዘዕርቡ፡ ምስ ሓይሎምን ብቕዓቶምን ተጸበይቲ፡ ካብ ግዜያዊ ጸገማት ገዚኦም ክኸውሉ ዝመርጹ ጸግዕተኛታት መንእሰያት ምህላዎም ክንርመና ኣይግባእን። ምኽንያቱ ካብ ምሩጽ ስርናይ ክርዳድ ክርከብ ቅቡልን ባህርያውን ስለዝኾነ። ስለዚ መርኢያና እቶም ዕድመ ንእስነቶም ኣብ እናተዋህለለን እናተደረቡ ዝኸይድ፡ ምኽዕባት ፍልጠት፡ ክእለትን ስራሕን እተዋፈሩ ኣብነታውያን መንእሰያት ክኾኑ ይግባእ።

መንእሰያት ኑቡሶም ከማዕብሉን መጻኢኦም ከውሕሱን እወታዊ ተበግሶ ክወስዱ ዝግብኦም ቅድም ቀዳድም ባዕላቶም እዮም። እዚ ይኹን'ምበር፡ ንህንጡይነቶምን ተበግሶኦም ናብ ተጨባጢ ኣፍራይነት ንምቕያር ምቹእ ባይታ ክጥጥሓሎም ኣድላዪ እዩ። መንግስቲ ብዓብኡ ሃማመተኤን መሻርኽቲ ኣካላትን ድማ ብዕቕሞም ኣብ ህንጸት መንእሰያት ዝነብርዎ ዘለዉ ወፍሪ ናይ'ዚ ህያው ኣብነት እዩ። ካብ'ዚ ብዘውሳኺ መንእሰያት ካብ ሰድራ ቤት ጀሚርካ ኣብ ኣብያተ ትምህርቶምን ኣብ ቦታ ስርሖምን ዝድለ ምትብባዕ ምምዝዛንን ምእንፋትን ክፍለዮም ከም ዘይብሉ ምዝኽኻር ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ምስ ዝግበር ድማ፡ ፍቕዲ ዓመታት ዕድመ መንእሰይ፡ ናብ ህጡር ኣበርክቶ ክቕየር ምዃኑ ዘጠራጥር የለን።

## ሓሳባት

# መበገሲ ኵሉ ፍልጠት ፡ ርኽበትን ምህዞን

ሓድሽ ፍልጠት ዝመጽእ ሕቶ ምስ ዝለዓል እዩ። ኵሉ እቲ እንሰምዖ፡ እንመሃሮ፡ እንዕዘቦ፡ ዘደንቕን ዝምስጥን ብዓይኒ ሕቶ ምርኣዮም ዝያዳ ድርኺት ናብ ካልእ ፍልጠት እዩ። ሓታቲ ምዃን ተጠርጣሪ ምዃን ዘይኮነ ምኽንያታዊ ወይ ርትዓዊ'ዩ ዝገብረካ። ቀዳሞት ኣቦታትና ለባማት፡ ገለ ብስነ-ፍልጠት ቅቡላት ዝኾኑ ልምዲታት ኣጽኒሖምልና'ዮም። መግቢ እናበላዕና ክንሰገድ እንክለና ነቲ መግቢ ክንሸትቶ ይነግሩና፣ መግቢ ክንሸትት እንክለና ኣፍና ምራቕ ስለ ዝመልእ እዩ። ኣብ መውስቦ'ውን ክልተ መጻምድቲ ክሳብ ሻውዓይ ወለዶኦም ዘራኽቡ ክህሉዎም ከም ዘይብሉ ይምዕዱና፣ ኣብ ስነ-ተውርሶ (ጀነቲክስ) እናተመሃርና ንረኽቦ ኣምር'ዩ። ኣብ ውሽጢ እዚም ወለዶ ዝህሉ መውስቦ ነቲ "ረስሲቭ" ዝነበረ ባህሪ ተወርሶ፡ "ዶሚናንት" ክቕይሮ ስለ ዝኽእል። እዚኦም ገለ ካብቶም ብስነ-ፍልጠት ቅቡላት ዝኾኑ ኣብነታት እዮም። እንተኾነ ካብ ባህልና ብዙሓት ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሎዎም ብሂላት ኣለው። "ኣታ ቈልዓ! ከምዚ ኣይትግበር ነውሪ'ዩ" ዝተበሃልናሉ ኣጋጣሚታት ውሑድ ኣይኮነን፣ ከምኡ ኣብ ዝበሉና እዋን "ስለምንታይ?" ኢልና ክንሓትት፡ ውሽጡ ክንፈልጥ እናተገበኣና፡ ዝበዝሐ ግዜ፡ ፈሪሕና ከም ነውሪ ተቐቢልናዮም ንኸይድ። ብዙሓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝሓለፉ ከምዚኦም ዝበሉ ኣጋጣሚታት ምኽንያቶም እንታይ ኰን ነይሩ ይኸውን?

ኣብ ናይ ትምህርቲ ህይወት እቶም ኣብ ክፍሊ እተባህሉ ቈሊቡ ዝዕዘር ተመሃራይ ይበዝሕ ይኸውን። ገለ ክሰኣሉና ወይ ክንኣምኖም ዘጸግሙና ኣምራት የጋጥሙና'ዮም፣ ስለ ዝተመሃርና ከም ዘለዎ ካብ እነጽንዮ ግን፡ ካብ ቤት ንብኡ፡ መምህራን፡ ኣሕዋትናን ዝኾነ ይፈልጥ'ዩ ዝበልናዮ ሓላፊ መገዲን ሓቲትና ፍልጠትና ከነዕብዮ እንተ ኺእልና'ዩ ኣብ ኣእምሮና ዝነብርን ካልእ ዝዓበየ ከሕሰበና ዝኽእልን። ንዝመጽኡና ሕቶታት ከነቃልሎምን ከሕፍሩናን የብሎምን። ከምቲ ቻይናውያን ዝመሰሉዎ፡ "ብምሕታቱ ዓሻ ከይመስል ፈሪሁ ዘስቅጥ፡ ንዘልኣለም ብዓሻኡ ይነብር፣ እቲ ተቢዑ ዝሓተተ ግን ንሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ'ዩ ዓሻ ዝመስል።"

ንስሕበት መሬትን ካልኦት ኣገደስቲ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራትን ዘካየደ ኣይዛክ ኒውቶን፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ቱፋሕ ደቂሱ እንከሎ ፍረ ቱፋሕ ወዲቓ ምስ ሃረመቶ "ዝኾነ ከይተንከፋ ከመይ ኣቢላ ትወድቕ?" ዝብል ሕቶ ምስ መጽኦ ከም ዕሽነት ኣይወሰዶን፣ ንሕቶኡ ክምልስ ተቓሊሱ፡ ኣጽኒዑን ተመራሚሩን። ንሓደ ዘይትፈልጦ ዝነበርካ ምፍላጥ ሸውሃት ፍልጠትካ ዝኸፍት እዩ። ንስሕበት መሬት ኒውቶን ምስ ዳህሰሶ ንብዙሓት መሃዝቲን ተመራመርቲን እተዓጽዎም ኣፍደገ'ዩ ከፊቱ። ብ1800ታት እተማህዘ ኤለክትሪክሲቲ'ውን እንተ ኾነ፡ ብዙሓት ምህዞታት ክወልድ ክኢሉ።

ሎሚ ምህዞ ልዕሊ ካልእ እዋን ብኣዝዩ እተዓጻጸፈ ብዝሕን ዓይነትን ይቕጽል ኣሎ። ዝኾነ ሰብ ክምህዞ ዓቕሚ ክህሉዎ እንከሎ፡ ክርእዮን ክጥቀምሉን ዘሎ ተኽእሎ ካብን ናብን ይፈላለ። ምህዞ ምስ ዋሕዚኡ ዘየቋርጽ ፈለግ ከነመሳስሎ ንኽእል። ወዲ-ሰብ ክሳብ ዘሎ ንዘገጥሙዎ ሕቶታት ዝመልሰሉ መገዲ እዩ፣ ምህዞ።

እቶም ኣብ መጀመርታ ኣብዛ ዓለም ዝነበሩ ናይ ጥንቲ ደቂ-ሰብ ንመዓልታዊ ናብራኦም ዝጥቀምሎም ዝነበሩ መሳርሒታት፤ ንመሕረዲ፡ ጸንጸሕለ (በላሕቲ ኣእማን)፣ ንሃድን፡ ብዝበልሓ ዕንጨይቲ፣ ንመውዓዩ መግቦምን መሞቒ ኣካሎም ዘድልዮም ሓዊ ብኣዝሒትን ብፍሕፈሓን ይፈጥሩዎ ነበሩ። ካብ ከባቢኦም እናተጠቕሙ ክምህዙዎም ክኢሎም። ብተወሳኺ፡ ንመግቦም ዝኸውን ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ኣገባብ ኣተኣላልያ እንስሳታት፡ ዓረብያ፡ ዓታሩን ካልእን ክምህዙ ክኢሎም።

ንሕና'ውን ብዓቕምና ኣብ ከባቢና ብቐረባ እንረኽቦም ጥረ ነገራት፡ ብዙሕ ነገር ክንገብር ንኽእል ኢና። ነቲ ልሙድ ገይርና እንወስዶ ካልእ መልክዕ ከነትሕዘሉ ንኽእል መገዲ ንሕሰብ። እቶም ኣብ ሰድራና፡ ገዛውቲና፡ ቤት ትምህርቲናን ካልእን እንርእዮም ጸገማት ብተበላሕነትና ክንፈትሖም ንሓሰብ እንተ ኼንና ናብ ምህዞ ንቐርብ ኣለና ማለት'ዩ። እንተወሓደ ኣደታትና መንከሽከሺ፡ መንቀርቀር ወይ መጽሓር ሓዊ ክስእና እንከለዋ፡ "ቴኖ" ቀዲድና ባዕልና ክንሰርሓለን ምሓሰብናዶ ንኸውን?

"ኣብዛ ዓለም እንታይ ዘይተማህዘ ንዓና ዝተርፈ የለን" እንብል ኣይንሰኣንን ንኸውን። ምህዞ ብሕቶ'ዩ ዝበገስ። መልሲ እቲ ሕቶ ኸኣ ሓሳባት እዩ። ነዚ ሓሳባት ብግብሪ ንምግሃድ ድማ ጥረ ነገራት ከድልዩ ይኽእሉ ይኾኑ። እንተኾነ እቲ መልሲ ሕቶና ዝኾነና ሓድሽ ሓሳብ እንተ ኣሎና ምህዞና ዘይውድኣሉ መገዲ የለን። ሕቶ እንተ'ሎና ምህዞ ኣሎ፣ ኵሉ እዚ ኣብዛ ዓለምና ተበጺሑ ዘሎ ፍልጠት ካብ ሕቶ እተላዕለ እዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ "ከምዚ ክገብር ምኸኣልኩ ነይረ፡" ዝብል ሓሳብ ዝመጽኣና ኣሎ። ገለና ክኸውን ከም ዘይክእል ስለ እንወስዶ ግዲ ኰይኑ ኣሻቡ ሃፊፉ ይጠፍእ። መዓልታዊ ንጥፈታትና ምስ ትምህርቲን መጽናዕቲን ዝተሓሓዘ ክኸውን ይኽእል። ነዚኦም ሃንደበት ዝመጽኡና ሓሳባት፡ ሕቶታትን ፈጠራን ኣብ መዘገብና ኣስፊርናዮም ክንጸንሖ ንኽእል ኢና።

ኣውራ ተመሃሮ እዋኑ ሓልዩ ክረምቲ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ናይ ዕረፍቲ ግዜና፡ ሕቶና ንምምላስ ክንውፍዮ ንኽእል ኢና።

ሱራፌል ተ.

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ቅሳነት ንኽትቀስን

## ደሃይ ኣቦይ፡ 'ኣቶ ሃብቶም ገብረስላሴ' ደልየ!

ትኩእ ኪዳን

ወዲ-ሰብ ኾነ ዓለም ካብ ኣቦኡን ኣደኡን ተወሊዱ እዩ ዝጅምር። ብኸምዚ ዝቖጸለ መስርሕ ምፍራይ ከኣ፡ ወለዶታት እናተተኻኸአ ይቕጽል። ናይ ምንባሩ ጉዕዞ ናይ ሓደ ዝወለድ ህጻን ብቐንዱ፡ ኣብ ዕጫ'ቶም ዝወለድዎ ወለዲ እዩ ዝምርኮሰ። በዚ ከኣ፡ ትርጉም ሓዳርን ወላድን ብግቡእ ዝርድኡዎም ወለዲ፡ ንውላዶም ብጽቡቕ ኩስኩሶም ከዕብይዎ ሓላፍነት ይወስዱ። ውዒሎም ሓዲሮም ድማ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሕዎ ይኽእሉ። እቶም ኣብ ልዕሊ ውላዶም ሸለልትነትን ዘይተገዳስነትን ዘንጸባርቑ ዘይሓላፍነታውያን ወለዲ ግና፡ ነቲ ውላዶም፡ ብግቡእ ኩስኩሶም ስለዘየዕብይዎ፡ ኣብ'ዛ መከራ ዝመልአ ዓለም ግዳይ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ጸገምን ብድሆታትን ክኾውን ይፈርዱዎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ፡ ከቢድን ሕልኽላኽ ዝመልኦን ህይወት ክሕልፍ ይግደድ።

መጽናዕትታት ከምዝመልክትዎ፡ እቶም ብግቡእ ማሕበራዊ ስርዓት ተመርዕዮም፡ መደልደሊ ሓዳሮም ዝኾውን ፍረ ብርኽም ዝወልዱ ወለዲ፡ ኑቶም ዝወለድዎም ህጻናት፡ ሓቢሮም እናተላዘቡን እናተረዳድኡን ብጽቡቕ ስለዘዕብይዎም፡ ንደቆም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከምዝበጽሑዎም ይሕብር። እቶም ኣብ ውዑይን ኣብ ናይ ንእሰትን ዕድመ እንከለው፡ እዚ ማለት፡ ንኽወልዱ ይኹን ሓላፍነት ሓዳርን ምዕባይ ቈልዓን ክስከሙ ዓቕሚ ኣዳምን ሄዋንን ከይበጽሑ ኣብ ሃይነይታ ፍቕሪ ኣትዮም ጥራይ ቈልዓ ዝወልዱ ሰባት ግና፡ ኑቶም ዝወለድዎም ቈልዑ ከዕብይዎም ይኹን ክከናኸንዎም ስለዘሸግሮ፡ ንደቆም ግዳይ ዘየድሊ ጸገማት ከም ዝጉብርዎም ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጠቐስ መጽናዕትታት የመልክቱ። ብዘይካ'ዚ፡ ገለ ወለዲ እውን ብዝተፈላለየ ጸገማት፡ ንዝወለድዎም ህጻናት ምስ ኣቦሓጎኦም ዓባዮም ገዲፎምዎም፡ እንጀራ ንምድላይ ኣንፈቱ ናብ ዘይፍለጥ ጉዕዞ ዝኸዱ ኣለው። ካብ ሃገር ሓሊፎም ክሱብ ናብ ወጻኢ. ብምስጓም ከኣ፡ ደሃይ ናይ'ቶም ዝወለዱዎም ደቆም ኪይገብሩ ብኡ ኣቢሎም ዝጠፍኡን ንዊሕ ዓመታት ደሃይ ከይገበሩ ዝጸንሑን ኣይተሳእኑን። እዚ. ኸኣ፡ ኣብ'ቲ ዝወለድዎ ቈልዓ ከቢድ ናይ መንነት ሽግር ከጋጥም ስለዝጉብር፡ ሳዕቤኑ ቀሊል ከምዘይከውን ይንገር።

ገለ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብቓላት ናይ'ቲ ዘፍቀረን ሰብ ተታሊለን ሲጋዊ ርክብ ይፍጽማ'ሞ፡ ካብ'ቲ ከምዝፍቀረን ክገልጸለን ዝጸንሐ ወዲ ተባዕታይ፡ ጥንሲ. ምስ ዘጋጥመን፡ "ኣይናተይን እዩ" ዝብል መልሰ-ግብሪ ዝወሃበን ኣለዋ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ. እተን ናጽላን እታ ጓለንስተይትን ዘይተደለየ ሽግር የጋጥም። እዚ፡ ኣብ መጽሔት ህዝብን ፖሊስን ብተደጋጋሚ ዝግለጽ ስለዝኾኑ፡ ንምርድኡ ብዙሕ ዘጸገም ኣይኮነን።

ገለ ድማ፡ ኣብ ግዜ ምዝንጋዕ ይኹን ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት ተላልዮም ጥራይ ብናይ ሓንቲ መዓልቲ ርክብ ጥንሲ. ኣጋጢሙዎም ቈልዓ ዝወልዱ ኣለው። እቲ ዘሕዝን ከኣ፡ ሓድሕዳዊ መንነቶም ብግቡእ ከይተለዋወጡ ወይ ከይተፋለጡ፡ ብዘይ ንጹር ኣድራሻ ዝፈላለዩ ምኽንያም እዩ። ዝተጠነሰ ቈልዓ መዓልቱ ኣኺሉ ምስ ተወልደ ከኣ፡ እታ ኣደ፡ "መንነት ኣቡኡ ኣምጽኢ." ወይ "ሃቢ." ምስ ተባሂለት ቀሊሕ ምሊሕ ይኸውን። ከምዚ. ዓይነት ዘይሕጋዊ ማሕበራዊ ኣካይዳ፡ እታ ኣደ ካብ'ታ ጥንሲ. ዝጀመረትላ ግዜ ኣትሒዛ ክሳብ እቲ ቈልዓ ዝዓብ፡ ነቲ ማሕበራዊ ጾር፡ ምሉእ ሓላፍነት ወሲ.ዳ ንበይና ክትጸሮ እያ ትግደድ። በዚ. ኸኣ፡ ኣብ ዘይተደልየ ጸገማትን ሽግራትን ትወድቕ። ብሰንኪ. ከምዚ. ዓይነት ፍጻመታት፡ ናይ ኣእምሮ ሕማምን ካልእ ጸገማትን ዘጋጥመን ደቂ-ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን። መዓስ እዚ. ጥራይ፡ ኣቡኦም ኣቦኦም ከይፈለጡ ዝዓብዩ ህጻናት እውን፡ ናይ መንነት ቅልውላው የስዕበሎም፡ ግዳይ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ጸቕጥታት ክኾኑ እውን ይጉብሮም። ኣብ ውሽጢ.'ቲ ሕብረተሰብ እውን፡ "ኣቦኡ ዘይፍለጥ ቈልዓ" እናተባህለ ዘየድሊ. ማሕበራዊ ተነጽሎ ስለዘጋጥሞ፡ ካብ ቁጽጽርን ህዝብን ሃገርን ወጻኢ. ኩይኑ ክዓቢ. ይግደድ። ከምዚ. ክበሃል ከሎ ግን፡ ኑተን ከም ዝወለዱለን ዘይኣመኑለን የግዳ ደቀን ብግቡእ ዘዕብያን ኣብ ዝበጻሕ ኣብጺሐን ተረኪበቲ ሃገርን ሕድርን ዝጉብራን ጀጋኑ ኣደታት፡ ጎሲና ኣይኮንናን። ምኽንያቱ፡ ነቲ ዝወረደን ኣደራዕ ተጻዊረን ደቀን ብጽቡቕ ዘዕብያን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሓን ኣደታት ከምዝለዋ ክዘንጋዕ ስለዙብሉ።

እምብኣር መሰልካ እንታይ ኣምጺኣካ እዩ'ሞ፡ ኸዚ. ኣርእስቲ ክጽሕፍ ናብ ዘገደደኒ ምኽንያት ከስግረኩም። እዋኑ እዋን ቀዳማይ ወራር ወያነ 1998 እዩ ነይሩ። ዛይድ ካሕሳይ ሓጎስ ዝተባህለት መንእሰይ፡ ሃገራዊ ግቡኣ ንምፍጻም፡ ምስ መበል ሳልሳይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሳዋ ወሪዱ። ዘድሊ. ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊን ኣካላዊን ስልጠናታት ድሕሪ ምቕሳም ከኣ፡ ምስ ክፍለ ሰራዊት 19 ዓሰበ ተመደበ። ንዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ምስ ኣገልገለት ከኣ፡ ተጣይሳ ናብ'ታ ዝዓበየትላ ከተማ ባጽዕ ብሰላም ተመሊሳ። እንተኾነ፡ "ዘራጊ. እንክሎ ጽሩይ ማይ ነይሰተ" ከም ዝበሃል፡ ስርዓት ወያኑ፡ ብደገፍ ኣሽቀልቱ ኣብ ልዕሊ. ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ወራር ስለ ዘኻየደ፡ ናይ'ቲ እዋን እቲ መንእሰይ፡ ኩሉ ዋኒኑ ሓዲጉ፡ "ኩሉ ድሕሪ ሃገር..." ብምባል፡ ነታ ዘይትትካእ ሂወቱ ንምውፋይን ሃገር ትጠልቦ ንምብርካትን ኣብ ቅድመ-ግንባር ዓሰለ። ዛይድ ካሕሳይ ድማ ከም ብጾታ ሃገር ካብ ወራር ንምድሓን፡ ኣብ ኮር 491 ግንባር ቡሬ ዓሰብ 71 ኪሎ ሜትር ኣብ ክፍለ-ሰራዊት 19 ተሰሊፋ ኣንጻር ጸላኢ. ትምክት ነበረት። ኣብ'ዚ. ጽንኩር እዋን ድማ እያ ዛይድ ምስ ሃብቶም ገብረስላሴ ዝተባህለ ኣባል ሻድሻይ ዙር ሃገራዊ ኣግልግሎት ዝተላለየት። ሃብቶም ኣብ ኮር 491 ግንባር ቡሬ ክፍለ ሰራዊት 19 ከምዝነበረ፡ ዓዱ ድማ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ዝርከብ ዓዲ ጋባ ዝብሃል ምኳኑ ዛይድ ትዛረብ። ብዘይካ'ዚ. ሃብቶም፡ ቁመቱ ማእከላይ፡ ሕብሪ ገጹ ከደራይ፡ ርጉዲ ኣካላቱ መጠነኛ፡ ዕድመኡ ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ 19-20 ዓመት ኣቢሉ ከምዝነበረ ወሲ.ኻ ትገልጽ።

ዛይድ ካሕሳይ፡ ቀዳማይ ወራር ወያነ ምስ ፈሸለ፡ ምስ ሃብቶም ዝጀመረቶ ዕርክነት ጥንሲ. ስለዘጋጠማ፡ ናብ ስድራኣ ናብ ዓዳ ከተማ ባጽዕ እያ ተመሊሳ። ኣመት ጥዕናኣን ጥዕና ዕሸላን ክትገብር እውን ብመንግስቲን ኣሃዱኣን ብዝተገበረላ ፍታሕ፡ ተጣይሳ። እንተኾነ፡ ብዛዕባ ሃብቶም ገብረስላሴ ንጹር ሓበሬታ ስለዘይነበራ፡ ብመሰረት'ቲ ዝበላ ሓበሬታ'ውን ኣድራሻኡ ክፍለጥ ስለዘይተኻእለ፡ ከምኡ ድማ ዝኾነ ናቱ ስእሊ. ብዘይ ምሓዛ፡ ካብ'ታ ዝተፈላለዩላ ጀሚሩ፡ "ሓንቲ መዓልቲስ ክንራኸብ ኢና" እናበለት፡ ነቲ ድሕሪኡ ዝቐጸለ ጉዕዞ ህይወታ ብትጽቢት ክትጉብሮ ተገዲዳ ኣላ።

ብዝኾነ፡ ወለዲ ዛይድ ምምጻእ ጓሎም ብሓገሰን ዕልልታን እዮም ተቐቢሎሞ። ንኣምላኾም ኣመስጊኖም ድማ፡ ሩፍ በሉ። ወላዲታ ንዛይድ ኣደይ ሊታይ ገብረጻድቕ ግና ብምምጻእ ጓለን'ኳ እንተተሓጎሳ፡ መንነትን ኣድራሻን ናይ'ቲ ንጓለን ዘጥነሰ ሰብ ብግቡእ ዘይምንጻሩ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ኣየቕሰነንን። ኣብ ከም'ዚ. ጭንቀትን ሓሳብን ከለዋ ድማ፡ ዛይድ ጓለን ብዕለት 22 ጥሪ 2002 ዓ.ም፡ ብሰላም ጓል ተገላገለት። ኣብ'ቲ ቤት ከኣ ሓጎስን ዕልልታን ኮነ። እንታይ'ሞ እቲ ናይ ኣቦ ጉዳይ ወትሩ ኣብ ትጽቢት ኮነ። ነታ ህጻን ግን ንስድራ ቤት ምእንታን ከተቕስን ተባሂሉ፡ ቅሳነት ዝብል ስም ተዋህባ። ቅሳነት ጓል ሽድሽተ ወርሒ. ምስ ኮነት፡ ወላዲታ ዛይድ ካሕሳይ ሓጎሳ፡ ንጓላ ምስ ኣደኣን ኣቦኣን ገዲፋታ፡ እንጀራ ንምድላይ እግራ ናብ ዝመርሓ ከደት። ዕድላ ጸቢቑ ግን፡ ኣብ ከባቢ. ባጽዕ፡ ገደም ኣብ ዝብሃል ቦታ ሰራሕ ረኺባ ክትሰርሕ ጀመረት። ቅሳነት ጓላ'ውን፡ ካብ ዓባያን ኣቦሓጎኣን፡ ፍቕርን ሓልዮትን ምስ ግቡእ ክንክንን እናተመጠወላ፡ ኣብ ውሽጢ. ባጽዕ ዓበየት። ኣደን ጓልን ድማ ብሓባር ይነብራ ኣለዋ።

ቅሳነት ኣብ'ዚ. ግዜ'ዚ. እኽልቲ ጉርዞ ተማሃሪት ዓሰራይ ክፍሊ. ኰይና ትምህርታ ትቕጽል ኣላ። ዓባያ ኣደይ ሊታይ ገብረጻድቕ ግን ብዛዕባ ቅሳነት ጓል-ጓለን ስለ ዘይቀሰና፡ ሃብቶም ኣቦ ጓለን ደርከቦ እዩ ኣብ ዝተባህለ ዓዲታትን ከተማታትን ሃገርና እናተንቀሳቐሳ፡ ብዓቕመን ደሃዩ ንምርካብ ክሳብ እዚ. እዋን እዚ. ጻዕርታተን ኣየቋረጻን። የግዳስ ክሳብ ሕጂ ንሃብቶም ገብረስላሴ እፈልጦ እየ ዝብል ሰብ ብዘይምርካበ፡ ጻዕረን ፍረ ኣይተረኽቦን ዘሎ። ኣደይ ሊታይ፡ ሎሚ ኑበሰን ፈቒደን ምስ ኣምላኸን ተዓራቒን'ኳ እንተለዋ፡ ብቕሳነት ጓል ጓለን ግን ገና ስለ ዘይቀሰና፡ "ቅሳነት ንኽትቀስን..." ወትሩ ኣብ ጸሎትን ሓሳብን ተሸሚመን እየን ንግዜ ዘሕልፍኦ ዘለዋ።

**ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ ብዛዕባ'ዚ. ብሕጽር ዝበለ ተገሊጹ ዘሎ ዛንታ ኣፍልጦ ምስ ዝህልወኩም ወይ'ውን ንሃብቶም ገብረስላሴ ዝፈልጥ ሰብ ምስ ዝህሉ፡ ሓበሬታ ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ተማሃሪት ቅሳነት ምቕሳን ማለት ከኣ ቅሳነት ናይ ምሉእ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ስለዝኾነ። ሓበሬታ ዘለኩም ሰባት ብቑጽሪ ተሌፎን 07127922፣ 07163359 ወይ'ውን ብ116266 ደዊልኩም ክትረኽቡና ትኽእሉ።**


ተማሃሪት ቅሳነት


ቅሳነት ምስ ወላዲታ ወ/ሮ ዛይድ ካሕሳይ

### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:30 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 16:40 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግግ) |
| 18:20 | ተኸታታሊት ፊልም ቻይና (MINING TOWN) part 02 |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ ትብለጽ ጉብረመድህን ካሕሳይ፡ በዓልቤተይ ኪዳ ተኽስተ ጉብረኪዳን ስለዝዓረፈ፤ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ናህም ያሬድ ሃይሉ፡ ኣቦይ ያሬድ ሃይለ ተወልደ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናዝሬት ምሕረትኣብ የማነኣብ፡ በዓልቤተይ ደስላቕ ሃይለየሱስ ኢያይ ስለዝዓረፈ፤ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ርዚና እስቲፋኖስ ኣኽስቲኖ፡ ኣዴና ሉተስላሴ ጉብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ መድህን ኣብርሃ ጉብረ፡ ሓወይ ኪዳ ኣብርሃ ጉብረ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ትካሉ ዝጥቀመሉ ናይ ውሽጣዊ መራኸቢታት PBX panasonic ዝዓይነታ ምስ 110 ቁፎ ቴሌፎናት፡ ጽገና ንክልተ ዓመት ኣገልግሎት ዝሀቡ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘሎዎም ረቛሒታት፣

1. ቅዱሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን የቕርቡ፣
2. ናይ ዓመት 2021/2022 ካብ ዕዳ ናጻ ወረቐት ምስክር ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን ናይ ዓመት 2023 ዕዳ ምም/ዞባ ዝተኸፍለሉ ቅብሊትን የቕርቡ፡፡
3. መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ) ብCPO ወይ ብcheque የትሕዙ፣
4. ተወዳደርቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎት ብዘምልከት ዝርዝር ሓበሬታን ሰነድ ጨረታን ዝሓዘ ወረቐት ኣብ ትካልና ብምቕራብ 50.00 ናቕፋ ዘይምለስ ከፊሎም ይወስዱ፡
5. ተጫረትቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎት፡ ብኮምፕዩተር ዝተጻሕፈ ኣሾማዊ ብዘይሰሳ ኣገባብ ዘርዝሮም ምስ ምሉእ መብርሂታቱ የቕርቡ፡፡
6. ተወዳደርቲ በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሞያ ዘዕየድዎ ተመኩሮታት ዘመልክት ናይ ስራሕ ብቕዓት፡ ካብቲ ስራሕ ዘዕየዱሉ ትካል ምስክር ወረቐት የቕርቡ፣
7. ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ክፍሊ ቁጽሪ 39 ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ የእትዉ፡

ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን6 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብቲ ትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ሳንዱቕ ይዕጾ፡፡ ኣብታ ዕለት ከኣ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት፡፡

ኣብ ትካልና ብምምጻእ ዘድሊ ተወሳኺ ቴክኒካዊ ሓበሬታ ብምእካብ ናይቲ ክትህብዎ ትኽእሉ ኣገልግሎት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብኣካል ቀሪብኩም ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ምምሕዳር ዞባ ማእከል

## ምስጋና



ብድንገታዊ ሞት ክቡር በዓል ቤተይ ስራሕተኛ ቢሻ ኣቶ ዳኒኤል ረድኢ ዓንደጸዮን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ኣዴስ ኣበባ ሬሳ ዘፋነኹምልናን፡ ክሳብ ዛግር ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር፡፡

በዓልቲ ቤቱ መም/ኣልማዝ መሓመድ

ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡


ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፡ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቓታ ኀዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

## ብስራት ንማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ

**100% SUCCESS**

ዘርኢስታ መጽሓፍ




መወከሲ ንተማሃሮ 6ይ፡ 7ይ፡ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ
- እንግሊዝኛ
- ቁጽሪ
- ስነ ፍልጠት
- ማ/ትምህርቲ

ንገበለጸ ዓወት መጽሓፍ "100% Success" ይኹን ምርጫኹም

ናይ 10 ዓመት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ምስ ምሉእ ኣሰራርሕኡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቴለ. 07151337 ወይ 07152627 ተወከሱ

EGYPTAIR

A STAR ALLIANCE MEMBER

**<u>Employment Advertising for the position of Chief Accountant</u>**

**Responsibilities and duties**

- Posting all passengers, freight, excess baggage, mail and other revenues to the accounting system.
- Check and verify accuracy of cash deposits against sales report.
- Keep all supporting documents of sales properly.
- Keep all payment documents along supporting documents properly.
- Complies and reconciles the Airlines budget. (OR petty cash in case of Branch office).
- Plans and executes the most effective utilization the company's funds/petty cash.
- Process and prepare all salary deductions and other salary benefits monthly in payroll program and submit to the management.
- Prepares monthly Financial Report as per the company procedure.
- Established and operates bank accounts, subject to the approval of the Airlines Management and as per the local government policies.
- Evaluates all insurance requirements of the company and ascertain that all necessary coverage is secured (with the insurance company in Eritrea) to the best advantage of the Airline.

**Qualification Requirements and Experiences**

Minimum Requirements

- Diploma in Accounting
- Knowledge of IFRS and Eritrea taxation rules.
- Excellent English Communication skills (both written and verbal) & Arabic language is an advantage.
- Good knowledge of MS office and advanced excel skill
- Minimum 3 years experience
- Experience in aviation industry is an advantage.

All applicants must provide evidence of completion or exemption from national service.

Interested candidates should submit their application with their personal resume within 10 working days of this announcement.

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተወዲቡ ኣብ መንጎ መጀኦታን ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ንኣሳን ዞባታት ዝቶደድ ዘሎ ውድድር፡ ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ቀጺሉ ወዒሉ።

ብመሰረት እቲ ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ክሊ. ዕድመ 11ን ትሕቲኡን ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ /ቤት ትምህርቲ ዓወት/ ንንኡስ ዞባ በርክ / ጸዓዱ/ 2 ብ 1 ክትስዕራ እንከላ፡ ንኡስ ሰሜናዊ ምዕራብ /ቤት ትምህርቲ ሰውራ / ምስ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ላልምባ/ ከኣ ማዕረ 0-ብ0 ተፈላልየን።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፍሒ. /ዓዲ. ጓዕዳድ/ ምስ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ሰውራ/ ማዕረ 2-ብ2 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ዓወት/ ምስ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ዓዲ ኣቤቶ/ 0-ብ0 ተፈላልየን።

ኣብ ክሊ. ዕድመ 13ን ትሕቲኡን ማእከላይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ፊንላንድ ሚሽዮን/ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ዳሉል/ 2-ብ0 ክትረትዓ እንከላ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሰምበል/ ከኣ ምስ ንኡስ ዞባ በርክ /ዓዲ ጉብሩ/ ማዕረ 0-ብ0 ተፈላልየን።

ኣብ ተመሳሳሊ. ክሊ. ዕደመ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ / ፊላንድ ሚሽዮን/ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኤልኣመል/ 2-ብ0 ክተሰንፉ እንከሎ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /እምባ ጠቐራ/ ድማ ንንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ. /ዓዲ ጓዕዳድ/ 3-ብ0 ረቲዓታ።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ / ባሕቲ መስከረም/ ንንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓድነት/ 2-ብ1 ከምኡ ድማ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ባና/ ንንኡስ ዞባ በርክ /ደቂ ተሸም/ 2-ብ0 ብዘርፋ ወጽኢት ተዓዊተናለን።

ኣብ ተመሳሳሊ. ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ / ባሕቲ መስከረም/ ንንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሰምበል፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ ንንኡስ ዞባ በርክ / ደቂ ተሸም/ ብተመሳሳሊ. ወጽኢት 2-ብ0 ከም ዝሰዓረኦን እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ማእከላይ ደረጃ ኩዕሶ ሰከይት ደቂ ኣንስትዮ፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ / ባሕቲ መስከረም/ ንንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ዓወት/ 26-ብ7፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓድነት/ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኤልኣመል/ 21-ብ15 ክስዕራኦን እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ ንንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓድነት/ 79-ብ23፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ/ዓወት/ ንንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ሞዴል/ 51-ብ31 ብዘርፋ ወጽኢት ኣፋንዎምኦም።

ብሰንበት ኣብ ዝቐጸለ ናይ ካልኣይ ደረጃ ግጥም ርብዒ. ፍጻመ ክሊ. ዕድመ 15ን ትሕቲኡን፡ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ቀይሕ ባሕሪ ንኣስመራ ሓፈሻዊ 3-ብ1 /ብፍጹም ቅላዕ/፡ እምባዛራ ንኢሳቕ ተወልደመድህን 3-ብ2 /ብፍጹም ቅላዕ/፡ ባርካ ንደምበ ሰምበል 5-ብ1፡ ኢብራሂም ሱልጣን ንሓላይ 1-ብ0 ብዘርፋ ወጽኢት ክሰዕራአን እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንደንደን 4-ብ1 /ብፍጹም ቅላዕ/፡ ባርካ ንደምበ ሰምበል 1-ብ0፡ ቀይሕ ባሕሪ ንእምባዛራ 2-ብ0፡ ኢብራሂም ሱልጣን ከኣ ንሰሜእታት 3-ብ1 ተዓዊተናለን ኣለዋ።

በዚ. ኸኣ ብደቂ ኣንስትዮ ቀይሕ ባሕሪ፡ እምባዛራ፡ ባርካን ኢብራሂም ሱልጣንን ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ክሓልፋ ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ባርካ፡ ቀይሕ ባሕርን ኢብራሂም ሱልጣንን ናብ ዝቕጽል ግጥም ሓሊፈን ኣለዋ።



## ኣልታሕሪር ምስ ዓብላልነታ ተሳዒራ

ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት 26 መጋቢት ብሓያል ተወዳዳርነት ንኻልኣይ ሰሙኑ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ልክዕ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ክሰዑት ኣስመራ በራን ሰገንን እያን ግጥመን ኣካይደን። ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ግጥም ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ሰለስተ ነጥቢ. ዝሰሰረት ኣስመራ በራ፡ ሰለስተ ውዱኣት ኩዓሶ ከተጥፍእ ክኢላ'ያ። ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይ ምንባሩ ከኣ ክልቲአን ጋንታታት 0-ብ0 እየን ዕረፍቲ ወጺአን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኣስመራ በራ ቅድሚ ዕረፍቲ ዝበራ ተወዳዳርነት ብምሕያል ኣብ መበል 72 ከምኡ'ውን ኣብ መበል 80 ደቒቕ ካብ ኣቤል ወልደየሰሱ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ከኣ ካብ ሳዶር የማን ሰለስተ ሹቶታታት ብምርካብ ነቲ ግጥም 3-ብ0 ክትዕወተሉ ክኢላ። ንኣስመራ በራ ክልተ ሹቶታት ዘመዝገበላ ኣቤል ወልደየሰሱ ብለጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ ኣሎ።

ቀጺለን ጸወታአን ዘየዱ ዓበይቲ ጋንታታት ኣዱሊስን ኣልታሕሪርን እየን። እዚ ግጥም ካብ መፈለምታኡ ብኽልቲአን ጋንታታት ብሓያል ተወዳዳርነት'ዩ ተኻይዱ። ኣብዚ. ግጥም ኣዱሊስ ባዶ ነጥቢ. ሒዛ ክትጻወት ከላ፡ ኣልታሕሪር ግን ሰለስተ ነጥቢ. እዩ ነይሩዋ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ግጥም፡ ኣዱሊስ ብመንገዲ. ሃብተ ሰኺለ፡ ኣልታሕሪር ከኣ ብመንገዲ. ተማሰገን ክፍለን ዑፈይ ኣብረሃምን ልዩት መጋጥምታትን ክዘርግ ከለዋ፡ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ናይቲ ግጥም'ውን ናይ ኣልታሕሪር ተማሰገን ተሰፋይ ዝዘረጋ - ክትወጽእ ትጸበት ዘይትገበረላ ኩዕሶ ተኸላኻላይ ኣዱሊስ ክመልሳ ክኢሉ'ዩ። ጸወታ ብውዕወዕ ኣብ ዝቐጸለሉ ዝበረ ግዜ ከኣ ኣዱሊስ ካብ ቶማስ ሰመረ ሹቶ ብምርካብ 1-ብ0 መራሓ ክትወጽእ ክኢላ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኣልታሕሪር ዝተመዝገበ ሹቶ ንምምላስ ኣብ ሓያል ቀልሰ ኣተወት። ዓብላልነታ ብምርኣይ ድማ ንጉል ዝኾና ውዱኣት ኩዓሶ ሒዛ ናብ ልዩት ኣዱሊስ ደጋጊማ ትጽጋዕ ነበረት። ኣብዚ. ፈተነታት እዚ. ድማ፡ ኀይትኦም ቢሻው ዝፈተና ልዕሊ. ወርወር ወጺኦ። ኣብቲ ግጥም፡ ተማሰገን ተሰፋይ ንተኸላኸልቲ ኣዱሊስ ሕማም ርእሲ. ኮይንዎም ነበረ። እንተኾነ፡ ኣልታሕሪር ምስ ብዙሕ ፈተነታታ ዕድል ኣይገበረትን - ኣዱሊስ ቤታ ቅድሚ ዕረፍቲ ዘመዝገበታ ሹቶ ነቲ ግጥም 1-ብ0 ተዓወተትሉ። ኣከፋፋሊ. ኣዱሊስ - ቤንሀር እስቲፋኖስ ድማ ብለጽ ተጻዋታይ ናይዚ. ግጥም ተሰምዩ።

ድሕሪ'ቲ ግጥም፡ ኣሰልጣኒ. ኣልታሕሪር መም. መቶዛን ዘውዴ፡ “ተጻወትቲ ኣዱሊስ ኣብ ቀዳማይ ግጥሞም ስለ ዝተሳዕሩ ነኽሶም ከም ዝጻወቱና ርዱእ እዩ ነይሩ። ሓንቲ ጌጋ ፈጺምና ብኡኣ ኸኣ ተቐጺዕና። ዝረኸብናዮ ዕድላት ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን። ብፍላይ ኣብ ምውዳእ እቲ ግጥም ዝረኸብናያ ዕድል፡ ፍጹም ክትሰሉ ዘይትኽእልን'ያ ነይራ። ተጻወትትና ኣቃውማኦም ብለጽ'ኳ እንተኾኑ፡ ናይ ተመክሮ ሕጽረት ግን ኣለዎም። እዚ. ኸኣ ኣብ መጻኢ. ክመሓየሾ ኢና” ኢሉ ተዛሪቡ። መማህር መቶዛን ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝቐጽል ጸወታ ጋንታኡ ኣብ መስመር ምክልኻል ዘለዋ ሃጓፋት ኣመሓይሻ ናብ ዓወት ከም እትግሰግስ እምንቶኡ ገሊጹ።

ኣሰልጣኒ. ኣዱሊስ የውሃንስ ተሰፋይ ብወገኑ፡ “ካብ ቀዳመይቲ ጸወታና ተመሓይሽና ከም ዝቐረብና እየ ዝኣምን። ተጻወትተይ ኣብ ሓጺር ግዜ ተወሃሂዶም ከምዚ. ዓይነት ብቕዓት ምርኣዮም ከምስጎኑ ዝግበኦም'ዩ” ኢሉ። ብፍላይ ኣብ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ ብተጻወትቲ ኣልታሕሪር ከም ዝተዓብለሉ ዝተኣመነ ኣሰልጣኒ. ኣዱሊስ የውሃንስ ተሰፋይ፡ “ኣብ መወዳእታ ዘገደሰ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ. ምውሳድ'ዩ” ብምባል፡ ሓጎሶ ዝኣተወ. ውጥን ወጽኢት ምምጻኡ ከም ዘዕገቦ ኣፍሊጡ።

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ጋንታታት ዞባ ማእከል፡ ዝመጽእ ሓሙስ እውን ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ኩጥኒያ ሰምበል ምስ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ማይተመናይ ምስ ደንደን፡ ቲራቮሎ ከኣ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ብዘካይደኦ ጸወታታት ቀጺሉ ከም ዝውዕል ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ ኣሎ።

እዚ. ከምዚ.'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ኣብ መንጎ ሸውዓተ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዝቶደድ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዕጫ ወዲቑሉ ኣሎ። እዚ. ውድድር ዝመጽእ ቀዳም እዩ ክጅምር።



## ሃ/ፈ/ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ንኣባላት ሚ/ምክልኻል ስልጠና ሂቡ



ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ መቶዛን ጉስጓስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ብምትሕብባር፡ ንኣባላት ሚኒስትሪ ምክልኻል ንኽልተ ሰሙን ዝቐጸለ ስልጠና ንኣሰልጠንቲ ኩዕሶ እግሪ ሂቡ።

እቲ ካብ 9 መጋቢት ጀሚሩ ንኽልተ ሰሙን ዝተዋህበ ስልጠና ብጉብርን ክልሰ ሓሳብን ዝተሰነየ ኮይኑ፡ 6 ደቂ-ኣንስትዮ ንዘርኽብኦም 64 ኣሰልጠንቲ እዩ ኣብ ክልተ እብረ ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ማለት (D,C,B) ዝርከቡ ኣሰልጠንቲ ዝተሳተፍዎ ስልጠና ዓለምለኻዊ ደረጃ ኩዕሶ እግሪ፡ ዘመናዊ ሜላታት ኣሰለጣጥናን ኩዕሶ እግሪ፡ ናብ ሜዳታት ኣብ ውሽጢ. ዓዲ ኣብ ዝቶደዱ ውድድራት ምትሕልላፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዓለማውን ሃገራውን ደረጃታት ፍልጠት ኩዕሶ እግሪ ዘሎ ሃጓፍ ንምጽባብ ምዃኑ ኣብቲ ዕለት ቃሉ ዘስመዐ ዳይረክተር ቴክኒክ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ዳኒኤል የውሃንስ ሓቢሩ።

ኢንስትራክተር ዳኒኤል ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ኣካላዊ ዕብለላ ከይተመርኮሰ፡ ብዝያዳ ኣብ ኣእምሮ፡ ብልሕን ተዓጻጻፍነትን ብዝምርኮስ ኣገባብ ኣመሓዳድራ ጸወታታትን ብልሓ.ን ዘጠቓለለ ምንባሩ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንተመረቕቲ የቐንየልና ድሕሪ ምባል “ራኢ. ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ኣብ ዝጠንኩም ምህላው. ተገንዚብኩም፡ ብዘቐሰምኩሞ ስልጠና ኣብ ቀጻሊ. ኣብ ምዕባለ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ እወታዊ ተራ ክትጻወቱ ይግባእ” ብምባል ለበዋኡ ኣመሓላሊፉ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብወገኖም፡ እዚ. ወሲዶሞ ዘለዉ. ስልጠና ከም መንጠሪ ባይታ ብምጥቃም፡ ንዕብየት ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ምዃኖም ቃል ድሕሪ ምእታው፡ እዚ. ስልጠና ኣገዳሲ. ስለ ዝኾነ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ቀጻሊትኡ ብምሃብ ብዘሰፍሐ ክካይዶ ጸዊዒት ኣቕሪቦም። ኣብ መዛዘሚ፡ ተመረቕቲ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ዝተዳለወሎም ሰርቲፊኬት ተዓዲሎም።

እዚ. ከምዚ.'ሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ ትማሊ. ሰኑይ 27 መጋቢት ዝፈለመ ኣብ ዞባ ማእከል ንዝርከቡ ንጡፋት ኣሰልጠንቲ ናይ (D) ልቓንሳ ስልጠና ይህብ ከም ዘሎ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ፌደረሽን ኣፍሊጡ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሰበ-ስልጣን ስዑዲያን ኢራንን፡ ኣብ እዋን ሮመዳን ክራኸቡ ተሰማሚዖም

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ-ዓረብን ኢራንን፡ ተበቲኹ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ክልተአን ጉረባብቲ ሃገራት ናብ ንቡር ንምምላስ፡ ኣብ እዋን ጾመ-ሮመዳን ብኣካል ተራኺቦም ክዘትዩ ኣብ ስምምዕ በጺሖም ከምዝለዉ ተገሊጹ።

ወኪል ኣገልግሎት ዜና ስዑዲ-ዓረብ (SPA) ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዘዘርግሖ ዜናዊ ጸብጻብ፡ ሚ/ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲያ - ልኡል ፈይሳል ቢን ፋርሃን ምስ ኢራናዊ መዘናኡ ሆሴን ኣሚር-ዓብዶላሂያን ብቴለፎን ተራኺቦ ድሕሪ ምዝርራቦ እቲ ስምምዕ ክበጽሕ ከምዝዘተኻእለ ሓቢሩ።

እንተኾነ እቲ ዜናዊ ጸብጻብ ክልቲኦም ሰበስልጣን ዝራኸብሉ ቦታን ዕለትን ኣይጠቐሰን ዘሎ።


እዞም ላዕለዎት ሰበስልጣን ኣብ ወሽጢ ሰሙን ዘይመልእ እዋን ሕጂ ንኻልኣይ ግዜ ናይ ቴለፎን ርክብ ዘካየዱ ዘለዉ፡ ክልተአን ሃገራት ብመንጎኝነት ቻይና ተላዚዘን ዲፕሎማስያዊ ዝምድናአን ናብ ንቡር ክመልሳ ድሕሪ ምስምማዐን እዩ።

ስዑዲያ፡ ኣብ ከተማ ጤህራን ዝነበረ ቆንስላ ኣብ 2016 ብኢራናውያን ናዕቢኛታት ምስ ተጠቕዐ፡ ምስ ኢራን ዝነበራ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ብኡ ንብኡ ከምዝበተኸቶ ይዝከር።

ኢራናውያን ኣብ ልዕሊ'ቲ ቆንስል መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ዝኸኣሉ፡ ስዑዲያ ኣብቲ እዋን መንፈሳዊ መራሒ ሺዒ ምንቅስቓስ ንዝነበረ ሸኽ ኒምር ኣል-ኒምር ዝተባህለ ዜጋኣ ብሞት ድሕሪ ምቕጻዓ ምዃኑ ድማ ጸብጻባት የመልክቱ።

ክልተአን ሃገራት ብመሰረት'ቲ ብመንጎኝነት ቻይና ተላዚዘን ክፍጽማኦ ዘለዋ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝቕጽላ ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ሪያድን ጤህራንን ኤምባሲታተን ዳግማይ ክኸፍታ፡ ከምኡ ድማ ትግባረ ናይቲ ቅድሚ 20 ዓመት ኣብ መዳያት ጸጥታን ቁጠባን ንምትሕግጋዝ ዝኸተምኦ ውዕል ክቀላጥፋ ትጽቢት ኣሎ።

ኢራን ብ19 መጋቢት ኣብ ዝሃቦቶ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ኢብራሂም ራኢሲ፡ ነቲ ካብ መራሒ ስዑዲ-ዓረብ - ንጉስ ሳልማን ቢን ዓብደልዓዚዝ ኣል-ሳዑድ ዝተላእከሉ - ኣብ ሪያድ ወግዓዊ ዑደት ክፍጽም ዝዕድም ደብዳቤ ብሓጎስ ከምእተቐበሎ ኣፍሊጣ ነይራ።



ኣብ መንጎታ ብደረጃ ዓለም ዝዓበየት ለኣኺት ምህርቲ ነዳዲ ዝኾነት ስዑዲያን፡ ብምኽንያት ኑክሌሳዊ መደባታ ምስ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ከቢድ ምትፍናን እትርከብ ኢራንን ዝምስረት ሓድሽ ዝምድና፡ ነቲ ካብ ጸጥታውን ፖለቲካውን ዘይምርግጋእ ኣዕራፉ ዘይፈልጥ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ናብ ሓድሽ ናይ ምርግጋእ ኣንፈት ከምርሖ ከምዝኽእል፡ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ቲ ዞባ የመልክቱ።

## ሆንዱራስ፡ ምስ ታይዋን ዲፕሎማሲያዊ ርክብ በቲኻ

ሓንቲ ካብ ሃገራት ማእከላይ ኣመሪካ ዝኾነት ሆንዱራስ፡ ምስ ደሴት ታይዋን ንዝጸንሓ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምሉእ ብምሉእ ከምዝበተኸቶ ኣፍሊጣ።


ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ስጉምቲ ኣካል ናይቲ ሆንዱራስ ምስ ቻይና እትምስርቶ ዘላ ሓድሽ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምዃኑ ገሊጹ።

ቅድሚ ሓደት መዓልታት'ውን ፕረዚደንት ሲያማራ ካስትሮ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ሃገራ ምስ ቻይና ዲፕሎማስያዊ ርክብ ክትምስርት ምዃና ሓቢራ ነይራ።

ሆንዱራስ ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ኣብ ዓለም ሓንቲ ቻይና ጥራይ ከምዘላ፡ መንግስቲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ድማ እቲ ንኹሎም ቻይናውያን ዝውክል እኹል ሕጋዊ መንግስቲ ምዃኑን ከምእትኣምን፡ ኣብቲ ዘውጸኦቶ መግለጺ ኣሰፊራ ኣላ።

እታ ሃገር ብዘይካ'ዚ፡ ታይዋን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ፈጺማ ዘይትንጸል ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ቻይና ምዃና ድሕሪ ምጥቃስ፡ ካብ ሎሚ ንደሓር ምስታ ደሴት ዝኾነ ይኹን ርክብ ከምዘይህልዋ ወሲኻ ኣፍሊጣ ኣላ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ድማ ነቲ ሆንዱራስ ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ "ቅኑዕ ምርጫ" ክብል ብሓጎስ ተቐቢሉዎ።



ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ክልተአን ሃገራት ኣብ በይጂን ተራኺቦም፡ ነቲ ሓድሽ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ናይ ምምስራት ስምምዕ ከምዝኸተምሉ'ውን እቲ ሚኒስትሪ ሓቢሩ።

ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ሚ/ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ክዊን ጋንግ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ታይዋን ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ብምክያድ፡ ካብ ቻይና ተፈሊላ ናጽነታ ናይ ምእዋጅ ተኽእሎኣ ዳርጋ ሞይቱ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ታይዋን ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ሆንዱራስ ነቲ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክተብትኮ ዝወሰነት፡ ንታይዋን ዘቕረበትላ - ኣብ ህንጻት ግድብ፡ ትሕተ-ቅርጻታት ዝውዕል ናይ 2.45 ቢልዮን ዶላር ጠለብ ተቐባልነት ምስ ሰኣነ ምዃኑ ገሊጹ።

ቻይና ድማ ነቲ ጉዳይ ብምምዝማዝ፡ ኣብ ሆንዱራስ ኣብ ህንጻት ማያዊ ጸዓት ዘመንጩ ዲጋ ደርጎ ናይ ኣስታት 300 ሚልዮን ዶላር ምወላ ገይራ ከምዝነበረት ይሕበር።

ጻይ ኢንግዌን ኣብ 2016 ፕረዚደንት ታይዋን ኮይና ካብ እትምረጽ ንደሓር ጥራይ፡ ትሸዓተ ሃገራት ምስታ ደሴት ንዝነበረን ዲፕሎማስያዊ ርክብ በቲኸን ከምዝለዋ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብዚ እዋን ምስኣ ዘለወን ዝምድና ከየቋረጻ ዝተረፋ ሃገራት 13 ጥራይ ምዃነን ኣመልኪቶም።

ሕቡራት ሃገራት፡ ንታይዋን ሂቡዋ ዝነበረ ኣፍልጦ ብ1971 ኣብ ዝሰረዘሉ እዋን፡ እታ ደሴት ምስ 56 ሃገራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ከምዝነበራ ሰነዳት የረድኣ።

## ኣመሪካ - ተወሰኽቲ ሓደጋታት ህቦብላ የንጸላሉ

ኣብ ሚሲሲፒ - ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ብሕጂ'ውን ተወሰኽቲ ሓደጋታት ህቦብላ (ሓያል ዘራጊቶ) ክኽሰት ከምዝኽእል፡ ኣመሓደርቲ ናይ'ታ ክፍለሃገር ኣጠንቂቖም።

ተይት ሪቨስ ዝ.ኣ. መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃቡ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ለይቲ ኣብታ ክፍለሃገር ብዝተኸሰተ ሓያል ህቦብላ ብውሑዱ 26 ሰባት ድሕሪ ምማቶም እዩ።

በቲ እንተላይ ኣብ ክፍለሃገር ኣላባማ ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ከምዝለዉ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

እቲ ህቦብላ ኣብ ሚሲሲፒ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት ልዕሊኡ ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት፡ እቲ ዝኸበደ ሰባዊ ክሳራ ዘስዓበ ተባሂሉ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ብዘይካ ኣብ ህይወት ሰብ፡ ኣብ ንብረትን ትሕተ-ቅርጺን እውን ከቢድ ዕንወት ኣኸቲሉ ከምዘሎ፡ ሰብ መዚ ክልተአን ክፍላተ-ሃገር ሓቢሮም።



## "ሩስያ፡ ካብ ሃገራት ምዕራብ ካሕሳ ክትሓትት ትኽእል'ያ" ተባሂሉ

ሩስያ፡ ኣብ መጥቃዕቲ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ልዕሊ 'ኖርድ-ስትሪም' ዝተባህለ ናይ ጋዝ ሻምብቆታት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ በጺሑ ካብ ሃገራት ምዕራብ ፊናንስያዊ ካሕሳ ክትሓትት ከምእትኽእል፡ ሓደ ዲፕሎማሲ ናይ'ታ ሃገር ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ - ድሚትሪ ቢሪቸቭስኪ፡ ንወኪል ኣገልግሎት ዜና ሩስያ (RIA) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሩስያ ነቲ ጉዳይ ናብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ወሲዳ ካሕሳ ክትሓትት ዝኽእል ሓይሊ ከምዘለዋ ኣፍሊጡ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ መጥቃዕቲ ብመን ከምእተፈጸመ ንምፍላጥ ብናጻ ኣህጉራዊ መርማሪ ጉጅለ ክጻረ፡ ሩስያ ናብ ባይቶ ጸጥታ ዘቕረበቶ እማመ ብሃገራት ምዕራብ ከምእተዓገተ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሕጂ'ውን ሩስያ እቲ ጉዳይ ከይተጻረየ ፈጺማ ከምዘይትድቅስ ኣረዲኡ።

ማስመር ሻምብቆታት ጋዝ ኖርድ-ስትሪም፡ ብትሕቲ ማያት ባሕሪ ባልቲክ ኣቢሉ ካብ ሩስያ ናብ ጀርመን ጋዝ ዘቕምጥዕ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ መስከረም'ዩ እንታይነቱ ብዘይተገልጸ ነታጒ ተሃሪሙ።

ሩስያ ድማ ነቲ መጥቃዕቲ "ተግባራት ኣህጉራዊ ሽበራ" ክትብል ከናዕዎ ምንባራ ይግለጽ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ቅድሚ ገለ መዓልታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ከኣ፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ ዘሎ - ዩክሬናውያን ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢድ ክህልዎም ከምዝኽእል ዘመልክት ስለያዊ ሓበሬታ "ወጽአ ሓሶት" ክብል ድሕሪ ምንጻጉ፡ ፈጸምቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ኣመሪካ ባዕላ ክትከውን ከምእትኽእል ኣስሚሩሉ ነይሩ።



## ሕ/ኤውሮጳ፡ ብጉዳይ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንቤላሩስ ኣጠንቂቑ

ቤላሩስ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ሩስያ ኣብ መሬታ ክዕወድ እንተደአ ኣፍቂዳ ኣብ ልዕሊኣ 'ተሪር' ዝበሎ ስጉምቲታት ክወስድ ምዃኑ ሕብረት ኤውሮጳ ከምዝጠንቀቐ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ሪሻ ቱደይ' ጸብጺቡ።

ላዕለዋይ ዲፕሎማሲኛ ናይ'ቲ ሕብረት - ጆሴፍ ቦረል ዝሓለፈ ሰንበት ብትዊተር ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ ኣብ መሬት ቤላሩስ ዝዕወድ ኑክሊያዊ ኣጽዋር ሩስያ፡ ንጸጥታን ድሕንነትን ኤውሮጳ ከቢድ ስግኣት ዝፈጥር ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ተወሰኽቲ ማዕቀባት ብምጽናዕ ግብረ-መልሲ ክህብ ምዃኑ ገሊጹ።



ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሩስያ፡ ክሳብ ዝመጽእ ሰነ ወይ ሓምለ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ታክቲካዊ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ናብ መሬት ቤላሩስ ከተግዕዝ ምዃና ኣፍሊጡ ነይሩ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ መግለጺኡ፡ ሩስያ ነቲ ስጉምቲ ክትወስድ ዝደረኻ ቀንዲ ምኽንያት፡ ብሪጣንያ ትሕዝቶ ዩራንዩም ዘለዎም ሓደኛታት ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ክትልእኽ ከምእትኽእል ብምግላጻ ምዃኑ'ውን ወሲኹ ሓቢሩ ነይሩ።

ቅልውላው ዩክሬን ኣብ ዝሓለፈ ሰነታት ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ቤላሩስ ካብ ሕብረት ኤውሮጳን ኣመሪካን ተደጋጋሚ እገዳታት ከምዝተበየኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ እገዳታት፡ ንልዕሊ 20 ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ቤላሩስ ኣብ ዝርዝር ጸለም መዝገብ ምስፋርን ናይ መጎዓዝያ ነፈርቲ ናይ'ታ ሃገር ብክሊ-ኣየር ናይቲ ሕብረት ከየብራ ምኽልካልን ከምዝጠቓልል ድማ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣመሪካ ኑክሌሳዊ ኣጽዋራ ኣብ መሬት ቤልጅዩም፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ሆላንድን ቱርኪን ተኺላ ክሳብ ዘለወት፡ ሩስያ ተመሳሳሊ ኣጽዋር ኣብ መሬት ቤላሩስ ናይ ምጽዋድ መደብ ዘርም ወይ ሓድሽ ተርእዮ ከምዘይኮነ ዝገለጸ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ዳህላክ | 28/3/2023 | ጎደና ገጀረት -751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services